መቐለ ፖሊ ቴክኒክ ኮሌጅ ንናይ ኮሌጅና ተሸከርካርቲ /መኪናን ሞተር ሳይክልን/ ፅገና ግልጋሎት ዝውዕሉ መለዋወጢ ኣቕሑት ብፕሮፎርማ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ታሕሳስ 9, 2018 (ቅድሚ 11 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 14, 2018 11:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 14, 2018 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት መኪና/ መለዋወጢ ኣቁሑት ሞተርሳይክል/

ቑፅሪ ዕ/ፋ/ን/ምም/ር/1338/18

ዕለት 09/04/2018 ዓ/ም

ምልክታ ፕሮፎርማ ቁፅሪ 06 /2018 ዓ/ም

መቐለ ፖሊ ቴክኒክ ኮሌጅ ንናይ ኮሌጅና ተሸከርካርቲ /መኪናን ሞተር ሳይክልን/ ፅገና ግልጋሎት ዝውዕሉ መለዋወጢ ኣቕሑት ብፕሮፎርማ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ።

መምርሒ ተወዳደርቲ /ተጫረቲ

1/ ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቃድ በቲ ዘርፊ ዘለኩም።

2/ ናይ ግብሪ ከፈላይነት መፍለዪ ቁፅሪ /TIN No/ ዘለኩም።

3/ ናይ ዘመኑ ዝተሓደሰ ናይ መቕረባይነት ምስክር ወረቐት ዘለኩም።

4/ 3% Withholding tax ክኸፍል ዝኽእል ።

5/ ዝቐርቡ ናይ ፕሮፎርማ መወዳደሪ መረዳእታታት ብደምቢ ዝንበቡን ስርዝ ድልዝ ዘይብሎምን ክኾኑ ኣለዎም

6/ ኣብዚ ፕሮፎርማ ክትወዳደሩ እትደልዩ ተጫረቲ መወዳደሪ ዝርዝር ዝሓዘ ሰነድ ፕሮፎርማ ካብ ኮሌጅና ኮሌጅ ፖሊ ቴክኒክ መቐለ ዳይሬክቶሬት ዕ/ፋ/ን/ምም/ን ቢሮ ቑፅሪ 08 ካብ ዕለት 09/04/2018 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 13/04/2018 ዓ/ም ልክዕ ስዓት 11:00 ኣብ ዘሎ ናይ ስራሕ መዓልታት ምውሳድ ትኽእሉ፡

7/ እዚ ፕሮፎርማ ጨረታ ዕለት 13/04/2018 ዓ/ም ልክዕ ስዓት 11:00 ተዓፅዩ ዕለት 14/04/2018 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 3:30 ኣብ መቐለ ፖሊ ቴክኒክ ኮሌጅ ዳይሬክቶሬት ዕ/ፋ/ን/ምምሕዳርን ቢሮ ቑፅሪ 08 ይኽፈት። ተጫረቲ ጨረታ ኣብ ዝኸፈተሉ ዕለትን ሰዓትን ናይ ምርካብ መሰልኩም ዝተሓለወ ኮይኑ ተጫረቲ ብዘይምርካቦም ግን እቲ ጨረታ ኣይተኣጎልን።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

8/ ስዓራይ ምስተፈልጠ ስዓራይ ምኟኑ ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 3 ናይ ስራሕ መዓልቲ ዝሰዓርኩምዎ ንብረት ብናይ ባዕልኹም መጉዓዝያ ናብ ኮሌጅና ኣታዊ ክትገብሩ ኣለኩም ።

9/ ኮሌጅና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብምሉእ ኮነ ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

10/ ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ ጊዜ እቲ ፕሮፎርማ ካብ ዝተኸፈተሉ ዕለት ጀሚሩ ን 7 ናይ ስራሕ መዓልታት እየ

11/ ኣብቲ ሰነድ ጨረታ ካብ ዝተቐመጠ ስፔስፊኬሽን ወፃኢ ምፅሓፍ ኣይፍቀድን።

12/ ንዝበለፀ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 03-44-40-45-92_ ደዊልኩም ምሕታት ትኽእሉ።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle